# ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ (Kulturskole) ንኹሉ

ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንኹሎም ብዛዕባ ስነ-ጥበብን ባህልን ዝያዳ ክመሃሩ ዝደልዩ ቆልዑን መንእሰያትን ክመሃሩሉን ንጥፈታት ከካይዱሉ ዝኽእሉሉን ዕድል እዩ። ገለ ካብቲ ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩዎ ዝኽእሉ ድማ ሳዕስዒት፡ምድራፍ፡ መሳርሒታት ሙዚቃ ምጽዋት፡ ምጽሓፍ፡ ትያትር/ተውስኦ ምስራሕ፡ ምስኣል፡ ስነ-ቅርጺ ወይ ፊልምታት ምድላው እዩ። ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ዝኸዱ ብዙሓት ቆልዑን መንእሰያትን ሓደስቲ መሓዙት ይረኽቡ፡ ከምኡ'ውን ምስ ከምኣቶም ዝኣመሰሉ ማሕብረተሰብኣዊ ርክብ የስተማቕሩ።

ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ብቑዓትን ሰብ ሞያ ዝኾኑ መምሃራን እዮም ዘለዉ። ተማሃሮ ምስ ካልኦት ቆልዑን መንእሰያትን ብጉጅለታት ክመሃሩ ወይ ድማ በብውልቆም ክመሃሩ ይኽእሉ። መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ምፍዳስ ቤት-ትምህርቲ ዘሎ ግዜ እዩ እቲ ስልጠና ዝካየድ።

### ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ክሳተፉ ዝኽእሉ መን እዮም፧

ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ስነ-ጥበብ ንጀማሮ ኮነ ንገዳይም ስልጠና ይህብ እዩ። ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ኣባጽሒ'ውን ክኣትዉ ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም።

### ክንደይ እዩ ዝኸፈሎ፧

ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንኽትመሃር ገንዘብ ይሓትት እዩ። ብዝጎደለ ዋጋ ወይ ብነጻ ትምህርቲ ዝህባ ገለ ምምሕዳራት/ኮሙነታት ኣለዋ። ብዙሓት ባህላዊ ቤት-ትምህርቲታት መሳርሒታት የለቅሓ እየን። ብዛዕባ ወጻኢታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ን Os kulturskole, kulturskolen@os.kommune.no phone 473 83 111 ተወከሱ።

### ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንምእታው ከመይ ጌርካ ኢኻ ተመልከት፧

ንስኻ ወይ ውላድካ ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንምእታው ከተመልከቱ እንተደሊኹም ን Os kulturskole, kulturskolen@os.kommune.no phone 473 83 111 ተወከሱ።

ብዛዕባ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ እንተደኣ ደሊኻ ን [sett inn kontaktinfo] ተወከሱዎም ወይ ድማ ኣብዚ [sett inn link til nettside] ብምእታው ዝያዳ ኣንብቡ።